# ንኣና እምበር ንነብሶም ኣይወፈሩን

15.10.2016

ንሶም ዝወፈሩ ንመስዋእቲ
ንዳሕረዎት ንኸውርሱ ርስቲ
ንኡ ፈሊጠን'የን ዝዓለላ ኣንስቲ

ሽው ዝሓሰቦ ኣይነበረን ንናይ ሎሚ
ኣብ ልብና ኣይነበረን ግናይ ሕልሚ
ውሑዳት ንሃገር ኣእቲዮምዋ ኣብ ሰልሚ

መስዋእቲ ዝተኸፍለ ንመንእሰይ
ናጽነት ወሪሱ ክብል ኣሰይ ኣሰይ
ንሃገሩ ክኸውን ናይ ውርሻ ዋሕሰይ

ክብረት ክህልዎ ክነብር ኣብ ቤቱ
መን ሓሲቡዎ ንናይ ሎሚ ከርተቱ
ነዚ ኣይነበረን ተጋዳላይ መስዋእቱ

እቲ ዝተኸፍለ መስዋእቲ ኮይኑ ሕልሚ
ብር እንተበልካሰ ተዋሒጥካ ኣብ ሰልሚ
ኣብ ዝኸዶ እንድዒ እቲ ሰናይ ሕልሚ

ዘይንፈልጠም ጸኒሖም ኣብ ገዛ
ኣብ ሃገር ሰልጢኖም ብዓርከ ማሓዛ
ንሃገር ሒዞምዋ ብዋዛ ፈዛዛ

ዝጠፍኣካ ከተምልሰ ከቢድ
ግናይ ጊዜ ዘይብሉ ዝእብድ
እቲ ቃንዛና ንኹሉ ዘሰንብድ

ዓቕልና ወዲኡ ሓይልና ጸንቂቑ
በዚሖም ቁምነገር ገዲፎም ዝቿየቑ
ንጸርፊ ዝተዓጥቁ ገለ ዘየጽድቑ

ካብ መን ኢዩ እቲ ትሰፋ እንድዒኸ
ዘይገብሮ የብሉን እዚ ግናይ ከይሓነኸ
እኒሀ ካኣ ይነብር እንዳ ኣውደኽደኸ

ኣታ እንታይ ትገብር ዝብሎ እኮ ስኢኑ
ክፋእ ጥራይ ክደጋግም ብሓሳብ ደኒኑ

ንዑ ስንኹም ንኸሱ ኣንጻሩ ሓንሕኑ

ታሪኽና እኮ ኮይኑ ዘእቱ ኣብ ብምግራም
ኣብ ክንዲ ተዐሪ ሓድሕድ ምትህርራም
መፍትኡ እኮ ኹና ነዚ ተንኮለኛ ሰራም

ፈጺሙ'ዩ ዝርዕድ እንተ ታኣኪብና
ግን ከምዘይሓልፍ ፋሕፋሕ ኣቢሉና
እኒህና እቲ ጥዑይ መገዲ ጠፊኡና

ኣብ ፋሕፋሕና ክነብር ዘዋፍር ዘረግቲ
ከይዕወቱ መታን ንፍትሒ መከትቲ
ከይትኸውን ሃገር ከም ኩሉ ምዕብልቲ

ምእንቲ ሰላም ከይረክብ እቲ ህዝብና
ንኹሉሻዕ ክንነብረሉ እናተጣፋእና
ሃገር ድላዩ ክገብራ ንሕና ኣብዘይለና

ንዑ ኣሕዋት  ሎሚስ ኣይንዓሹ
ልቦና ኣቦታትና ኣበይ ኢዩ ገሹ
ኣዒንትና ደፊኑ እነህ ሃገር የባላሹ

ንዑ ኣይንንበር እናተቛቖና
ንታኣሳሰር ዝሓይሸ ሓሲብና
ንክሓጽር እቲ ጉዕዞ ቃልስና

እዚ ስርዓት'ዚ መንክር ኢዩ ግብሩ
እቶም ቀተሉ ዝበሎም ኩሎም ዘይነብሩ
ኣሳራርሕኡ እኮ ህዝብና ኣስተንኪሩ

ንህዝቢ ኣቃቲሉ ንቑጽርና ኣውሒዱ
ንልቢ ጅጋኑ ኣሰንቢዱ
ህንሃለ ኣብ ርእስና ኣኾዲዱ

ብዘረባ ኣይፍንጣሕን ሰራም ዘሳዎሮ
ንዑ ተሳጊብና ነፍሸሎ ነንዝገበሮ
ድልዱል ሰረት ንግበር ጸላኢ ዘይስዕሮ

ኣተግባሪ ከሎ ገባሪ ኣይትኽሰሱ
ሕቖፍዎም ነቶም ዝተጣዕሱ

ብህልኽ ከይጠፍእ ህዝብና ጨሪሱ

እታ ንሱ ዝደልያ ቁስልና ከይፍወስ
ከምኡ ኢሉ ክነብር ሽግርና ክዳዋወስ
ፋሕ ኢልና ክነብር ከይንታሓዋወስ

ነገር ዝፍንጥሑ እናላኣኽ
ይነብር'ዩ ዘሎ ህዝብና እናህለኽ
ሽግርና ከይፍታሕ እናሓላለኽ

ሰላም ዘይፈቱ ዘራሪጋ
ንህዝቢ ይቕልቦ ብቦኖ ብሪጋ
ህዝቢ ንኽባላዕ ዘኽብር ንዋጋ

ናይ'ዚ ኣይውዳእን ኢዩ ተዛሪብካ
ህዝቢ ንዓ ኣውርዶ እክብ ኢልካ
ሓይሊ የብሉን እንተታኣኪብካ

እንተተበጺሑ ኣብታ ሃገር
ኮዕረ'ዩ ኩሉ ፍጹም ኣይትሽገር
ጥምር ኢልካ ጥራይ ገለ ግበር

መወዳእታ ነገርና ኣብ ስምሞዕ
ኣይቐንዓናን'ዩ እንተልና ግምዕምዕ
ንዑ ጥበብ ንርከብ ሎሚ ዘሳማምዕ

ተረድኦ እንድዩ ኣብ ኩሉ ሓጺሩ
ጉዕዞ ንኸይዕረ ታሪኽ ትዝርዝሩ
ንቑምነገር ግዳ ዘይትጽዕሩ

ምትንታን ኣይኮነን እቲ ቁምነገር
እቲ ዝሓይሽ ሓሳብ ምርካብ እምበር
ሃተፍተፍ ግደፋ ከይትጠፍእ ሃገር

ክብርን ዝኽርን ንሰውኣት
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና